# ምዕጻው ቤት ትምህርቲ፡ ኤርትራዊ ማሕበረሰብኣዊ ማእከል፡ ዋሽንግቶን ዲሲ፡

## (ECCC)

እቲ ካብ ወርሒ ጥቅምቲ 2012 ክሳብ ወርሒ ግንቦት 18/2013 ንልዕሊ ሾውዓተ ኣዋርሕ ክካየድ ዝጸንሐ፣ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛን ባህልን ታሪኽን ዘጣመረ ንጥፈታት ቤት ትምህርቲ ኤርትራዊ ማሕበረሰብኣዊ ማእከል ዋሺንግቶን ዲሲ፣ ዓመታዊ ዕረፍቲ(ሓጋይ) መዕጸዊ ስነ-ስርዓት ኣካይዱ።




ኣብ'ቲ መዕጸዊ ወለድን መማህራንን ካልኦት ዕዱማትን ተረኺቦም፣ ነቲ ብወለዲ ኮሚቴን መማህራን ዝተዋህበ መግለጽን፣ ምዕዳል ምስክር ወረቐትን ተኸታቲሎም። ኣብ'ቲ ዝነበረ ዓመት ትምህርቲ፣ ናይ ምንባብን ምጽሓፍን ጽቡቕ ዝደፍኡ ቆልዑ እውን ኣብ መድርኽ ወጺኦም ነቲ ዝቐሰምዎ ፍልጠት፣ ኣብ ቅድሚ ኣዳራሽ ወጺኦም ፍልጠቶም ኣንጸባሪቆሞ።





እዚ ንጥፈታት እዚ፣ ወለዲ ነቲ ኣብ ደቆም ዘለዎም ልዑል ተገዳስነት ከይተሓለሉ ንኣዋርሕ ብህርኩት መንፈስ ከመላልሱን ነቲ ኣብ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘገልግል ንናውቲ መምሃሪ ዝኸውን ካልእ ተወሳኺ ሓገዛት፣ ዝነኣድ ተራ ተጻዊቶም።

መማህራን ብወገኖም፣ ኣብ'ዚ ቅዱስ ተልእኾ፣ ንኹሉ ዋኒኖም ኣወንዚፎም፣ ብዘይምቁራጽ ብልዑል ተገዳስነትን ድሲፕሊንን፣ ንተማሃሮኦም ብምሉእ ዓቕሞም ፍልጠት ከስንቑ፣ ዘድሊ ናውቲ መምሃሪን ምስ ትምህርቲ ዝኸይድ ጽሑፋትን ብምቕራብ ዝሓሸ ለውጢ ከም ዘምዝግቡ ዘኽእል ሜላታት ኣተኣታትዮም እዮም።

እዚ እተኻየደ ኣበርክቶ፣ ብሰንኪ ናይ ጽበት መምሃሪ ክፍልታትን ባጀትን፣ ዝጸንሐ ኣገልግሎት ኣብ ኣስታት 60 ተማሃሮ እዩ ተሓጺሩ ጸኒሑ። ንመጻኢ ናይ ዝበዝሐን ዝሰፊሕ ምትሕብባርን ተሳታፍነት ህዝቢ ምስ ዝጽንበሮ፣ ዝበለጸን ዝሓሸን ኣገልግሎት ከም ዝህብ ዘጣራጥር ኣይኮነን።

ክሳብ ሕጂ እታ ቤት ትምህርቲ፣ ክልተ መምሃሪ ክፍልታት፣ በቢክልተ እብሪ፣ ነፍሲ ወከፍ እብሪ ከክልተ ሰዓት፣ ክልተ መማህራን፣ ክልተ ተሓጋግዝቲ፣ ብኮሚቴ ወለዲ እናተኣልየት እያ ትንቀሳቐስን ትነጥፍን ዘላ።

ንመምሃሪ ዝኸውን ዝተፈላለየ ዘበናዊ መምሃሪ ናውቲ ሶፍት ወር ዝዓጠቐ ኣገባብ ኣመሃህራ፣ በቢእዋኑ እናተመሓየሸት ትስጉም ኣላ።





ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ድማ፣ ባህልን ታሪኽ ሃገሮም ከከም ዕድሚኦም ዝኸይድ ተወሳኺ ትምህርቲ ይውሃቦም። ሓሓሊፉ ናይ ፒክኒክ መደባትን ጎድኒ ንጎድኒ ክኸይድ እንከሎ፣ ብቋንቋ ትግርኛ እተተርጎመ ፊልማት ኣብ ምምላኽን ምዝራብን ዝሕግዝ እውን ከም ዝርእዩ እግበር።

ስለዚ፣ ንመጻኢ ዝሓሸን ዝሰፍሐን ተሳትፎ ምእንቲ ክህሉ ናይ ኩሉ ዜጋ ሰፊሕ ምውሳእን ኣበርክቶን ክህሉ፣ ብወለዲ ኮሚቴ ዝቐረበ ለበዋ ኣሎ። እዚ ከም ጽቡቕ መበገሲን ንኹሉ ዘርብሕ ኮይኑ፣ ክሰፍሕን ክዓብን ከም ዝግብኦ ድማ ለበውኦም የመሓላልፉ።

ምስጋና ንኹሎም ተሳተፍቲ።



